Fachhochschule Nordwestschweiz
Pädagogische Hochschule

# ESKE
## Evaluation des compétences scolaires en langue première

# TIGRIGNA

## Série de tâches de 3 à 4 ans d'expérience scolaire

Pädagogische Hochschule FHNW 2021 / Haute école pédagogique FHNW 2021

Professur Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter / Chaire de didactique de l'allemand et du plurilinguisme chez l'enfant

**ዕዮታት**

1. ነዚ ዝስዕብ መምርሒ ተጠቂምካ ነቲ ቁኑዕ ኣኽብበሉ ፡

ሀ ) ንከልብን ፡ጤልን፡ ፈረስን ኣኽብበሎም፡



ለ ) ንጫማን፡ ካልስን፡ ክዳንን ኣኽብበሎም፡



ሐ ) ንጣሳን፡ ፒያትን፡ ካራን ኣኽብበሎም፡






© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

2. ነዚ ዝስዕብ መምርሒ ትጠቂምካ ነቲ ቑኑዕ ኣኽብበሉ፡

ሀ ) ኣኮይ ኣብ ጥቃ ሓደ ቤት መግቢ ዱካን ኣለዎ፡ ሕጂ እቶም ኣብ ቕድሚ እቲ ህንጻ ዘለዉ ፍዮርኡ ብጣዕሚ ዓብዮም ኣለዉ፡ ኣብ ዝመጽ ሰሙን ብዙሕ ክሸይጥ ስለዝኾነ ብዙሕ ስራሕ ኣለዎ፡ ነታ ድኳን ናይ ኣኮይ ኣኽብበላ፡



ለ ) ኣብ ክፍልና ዘለዉ ሰደቓታት ኣብ ሓደ ክቢ ይርከቡ፡ ናይ ማርያ ሰደቓ ኣብ ጥቃ እቲ ማዕጾ ትርከብ፡ ኣብ ልዕሊ ሰደቓ ናይ ማርያ ኣርባዕተ መጽሓፍቲ ኣለዉ፡ ንናይ ማርያ ሰደቓ ኣኽብበላ፡



ሓ ) ኣብ ከባቢና ብዙሓት ቖልዑት ዝጻወትሉ ዓቢ መጻወቲ ቖልዑት ቦታ ኣሎ፡ እተን ኣዴታት ኣብ ትሕቲ እቶም ኣግራብ ዘሎ ኮፍ መበሊ ኮፍ ኢለን ኣለዋ፡ ኣደ ክርስትያን ኣብ ጥቓ እቲ ፍዮሪ ትርከብ ኮፍ መበሊ ኮፍ ኢላ ኣላ፡ ንኣደ ክርስትያን ኣኽብበላ፡





© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

3. ነዛ ስእሊ ዝሰማማዕ ጽሑፍ ረኺብካ ነታ ጽሑፍ ኣኽብበላ፡



| | | |
|---|---|---|
| እዚ ውዲ ኣብ ዕለተ ልደቱ ዝፈትዎ መግቢ ስፓጌቲ ክስርሓሉ ተመነየ፡ ኣዲኡ ድማ ጥዑምን ብዙሕን ጌራ ስርሓትሉ፡ | ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን እዚ ወዲ ዘደንቕ ኣጋጣሚ ገጠሞ፡ ኣኩኡ ኣብ ፒያቲ ሓደ ሞደሻ ኣቐመጠሉ፡ እቲ ሞደሻ ድማ ዘፍርሕ ነበረ፡ | እዚ ወዲ ናብ ዓባዪ ምኻድ ይፈቱ፡ ኩሉ ግዜ ዝፈትዎ መግቢ ተዳልወሉ፡ ትማሊ ብ ቾኮሌት ዝተሰርሐ ምቑር ሕብስቲ ኣዳለወትሉ፡ ዓቢ ቑራስ ድማ በልዓ፡ |



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

4. ንኹሉ እዚ ጽሑፍ ኣምቢብካ ነቲ ቕኑዕ ምልክት ግበረሉ፡

ኣኽላባትን ሰባትን ናይ ሓባር ዝኾነ ታሪኽ ኣለዎም፡ ሓደ ሓደ ኣኽላባት ከም ኣራዊት ይነብሩ፡ ካልኦት ድማ ንሰብ ከም ሓለውቲ፡ ሃደንቲ፡ ፖሊስን ናይ ገዛ እንስሳን ኮይኖም የገልግልዎ፡ እኽላባት ንዓይነስዉራን ማዓልታዊ ሂወቶም ክመርሑ ይሕግዝዎም፡ ንኣብነት ኣብ ማካይን ዝበዝሕኦ ቦታ፡ ኣኽላባት ኣብ ኩሉ ክፍሊ ዓለም ዝርከቡ ኮይኖም ምስ ቶኽላን ወኻርያን ይመሳለሉ፡

| | |
|---|---|
| ሀ ) ኣኽላባት ኣብ ምሉእ ዓለም ይርከቡ፡ | ሓቒ ☐<br>ሓሶት ☐ |
| ለ ) ኣኽላባት ንዓይነስዉራን ማዓልታዊ ሄወቶም ንኽመርሑ ይሕግዙዎም፡ | ሓቒ ☐<br>ሓሶት ☐ |
| ሓ ) ከም ኣራዊት ዝነብሩ ኣኽላባት የለዉን፡ | ሓቒ ☐<br>ሓሶት ☐ |
| መ ) ቶኽላታት ምስ ኣኽላባት ይመሳሰሉ እዮም፡ ምስ ወኻሩ ግን ኣይትመሳሰሉን እዮም፡ | ሓቒ ☐<br>ሓሶት ☐ |



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

5. ነዚ ምስ ስእሊ ዘሎ ጽሑፍ ኣንብቦ፡



**ኣምበሳን ወኻርያን**

ሓደ እዋን ሓደ ኣረጊት ኣምበሳ ነበረ፡ ንሃድን ንምኻድ ብዙሕ ድኹም ነበረ፡ በዚ መኽንያት ሓደ ብዓቲ ደልዩ ኣብ ውሽጢ ኅቦ ኮነ፡ እቶም ካልኦት እንሰሳታት በቲ ንጉስ እንሰሳታት ሓዚኖም ነበሩ፡ በብታራ ድማ እናኸዱ ይበጽሕዎ ነበሩ፡ ሓደ ምዓልቲ ወኻርያ ክትበጽሖ መጽኣት እሞ ኣብ ኣፍደገ እቲ ብዓቲ ደው በለት፡ እቲ ኣንበሳ ድማ ንዒ እተዊ፡ ኣነ ናባኺ ክቐርብ ኣይከልን እየ፡ ድኹም እየ በላ፡

እታ ወኻርያ ድማ፡ ኣብዚ ደገ ኮይነ ነቶም ካልኦት ኣጋይሽካ ክሳብ ተፋኑ ምጽባይ ይሕሸኒ በለቶ፡ መኽንያቱ ብዙሓት እንስሳታት ናብቲ ብዓትኻ  ክኣትዉ ርእየ፡ ግን ሓደ እኳ ክወጽእ ኣይራኸቡን በለቶ፡



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

6. ኣብ ዕዮ 5 ዘሎ ጽሑፍን ነዚ ስዒቡ ዘሎ ሕቶታትን ብምንባብ ሓቒ ወይ ሓሶት ብምባል መልስ፡

ሀ) እቲ ኣምበሳ ኣብ ምሉእ እቲ ታሪኽ ኣብቲ ብዓቲ ጎቦ ኮይኑ ነበረ፡
ሓቒ☐
ሓሶት ☐

ለ) እታ ወኻርያ ኣብቲ ብዓቲ ኣተወት፡
ሓቒ ☐
ሓሶት☐

ሓ) እቲ ኣምበሳ ነቶም ካልኦት እንስሳታት በሊዖም፡
ሓቒ ☐
ሓሶት ☐


© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

7. ኣብ ዕዮ 5 ዘሎ ጽሑፍ ብዛዕባ እንታይ ሙኳኑ ግለጽ፧


© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

8. ኣብ ዕዮ 5 ዘሎ ጽሑፍ ብምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልስ፡

- እቲ ኣምበሳ ሓሚሙ እዩ ኔሩ ኢልካዶ ትኣምን፡
- እቲ ወኻርያ ካብቶም ካልኦት እንስሳታት ዝገርሐዶ ኔሩ፡ ንምንታይ ከምኡ ከምዝሓሰብካዶ ክትገልጸለይ ትኽል፡
- ካብ እዚኣ ታሪክ ገለ ክንምሃር ንኽል ኢና ኢልካዶ ትሓስብ፡ ንምንታይ ከምኡ ከምዝሓሰብካዶ ክትገልጸለይ ትኽእል፡



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

9. ሓደ ካብዞም 5 ስእልታት ብምምራጽ እንታይ ዓይነት ሞያ ከምዝውክል ግለጽ፡














© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

10. ምስ ዓበኻ እንታይ ዓይነት ሞያ ክትማሃር ኢኻ ትደሊ፡ ብዛዕብኡ ሕጽር ዝበለ ጽሑፍ ኣዳሉ፡



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter